# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.59 | ዓርቢ 8 ሕዳር 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ኣደናቒ ጥዕናዊ ረብሓ ሽጉርቲ


ገጽ 3 — "ኣደይ'ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ"


ገጽ 4 — ቋንቋን ባህሊን ዘይፈሊ


ገጽ 5 — ኣብ መከናኸኒ ቈርበት ዝርከቡ ኣገረምቲ ጥረ-ነገራት


ገጽ 7 — ኣል-ሂላል፡ ውዕል ነይማር ከተቋርጽ ትሓስብ



# ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዘርላንድን ጀርመንን ኣብ ህልው ኩነታት ዘትዮም





ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ጨንፈር ስዊዝርላንድ፡ ብ3 ሕዳር ኣብ ከተማ ጀኑቭ ኣብ ዘቃልዎ ኣኼባ፡ ህልዊ ኩነታት ውዳቤታቶም ገምጊሞም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዝርላንድ ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ኣብ ዝሃቦ መኽፈቲ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ብክቡር ዋጋ ዝሰመርኣ ናጽነቱ እንደገና ክቡር ዋጋ ከፊሉ ዘውሓሰ ንውሑድ ቁጽሩ ብልዑል ውዳበ ብዘዓጸጸ ስለዝተሰርሐ ከምዝኾነ፡ ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ኣብ ንቕሓት ዝተመርኮሰ ዝለዓለ ጥርዚ ናይ ኤርትራዊ ውዳበ ምኳኑን ኣብል ናይዚ ግንባር ምኳን ድማ ክም ዕድል ክርአ ከምዝተዮም ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ናይ መኸተ እዋን፡ ኣብ ስዊዝርላንድ ዝርከብ ውዳቤታት ቁመናኡ ምምዕርራይን ምሕያልን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቶ ሃብቶም፡ ተራ ነፍሲወከፍ ኣባል ህዝባዊ ግንባር ወሳኒ ምኳኑ ኣስሚሩሉ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ብወገኑ፡ ብሓያል መኸተና ዝፈጠርናዮም ዕድላት ብግቡእ ንምምዝማዝ፡ ከምኡ'ውን ዘለዉ ብድሆታት ብሓደነት ንምግጣም ንኽንክእል፡ ውዳቤታት ህግደፍ ጨንፈር ስዊዝርላንድ ብንቕሓትን ተወፋይነትን ተልእኾአን ክፍጽማ እዋኑ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ መደባት ናይ ቀረባ መጻኢ ዘተኩረ ዝርዝራዊ መግለጺ ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብመንገዲ ኩሉን ውዳቤታት ምስ ቤት-ጽሕፈት ኤምባሲ ብምውህሃድ ክተኣደ ዝጸንሐ ሓያል ስራሕ እወታዊ ውጽኢት ስለዝተረኽቦ፡ መጻኢ መደባቶም ብኣድማዕነት ንምትግባር ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ከተማ ዱዝልዶርፍ - ጀርመን፡ ብሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ዝተወደበ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርና ብመንጽር ምዕባለታት ዞባናን ዓለምን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕያል መኸተ ዘተኩረ ህዝባዊ ሰሚናር፡ ብ2 ሕዳር ተኻዪዱ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኸስተ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ'ዚ ዓለም ብውግኣትን ወረ-ውግኣትን ትናወጽ ዘላ እዋን፡ ኤርትራ ሉኣላውነታ፡ ነጻ ማስመራን ሰላማን ዓቂባ ክትቅጽል ምኽኣላ፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ንልዕሊ 80 ዓመት ኣንጸር ዕብለላን ምግዛትን ዘካየደቶ ሓያል መኸተ ኩይኑ፡ ኣብ ሕጂ ረኺብናዮ ዘለና ሰላም መሰረት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ሰላምና ውሑስ ንምግባር ዝዕየ ስራሕ ክዕተተ፡ ቀዳምነታትና ኣብ ልምዓት ብምግባር ክንሰርሕ ከምዝዮዎ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ዚ ኣቲናዮ ዘለና ሓድሽ መድረኽ፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት፡ ብልዑል ንቕሓት መሳርያም ኣስጢሞምን ውዳቤታቶም ኣሐይሎምን ኩሉ መዳያዊ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ ከምዝዮዎ፡ ኣቶ ክብረኣብ ብዝተወሳኺ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ብወገኑ፡ ምሕያል ሃገራዊ መንነትን ሃገራዊ ንቕሓትን መሰረት ናይ ኩሉ ዝሰላሰል መደባት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ዜጋ ክውደብን እጃሙ ከበርክትን ጸዊዑ።

ኣብ'ዚ ሰሚናር፡ ካብ ምሉእ ዞባ 'ኖርድራይን ቨስትፋለን' ዝመጹ ኣስታት 200 ዜጋታት ተሳቲፎም ነይሮም።

# ደቀምሓረ - ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተመሃሮ ተሸሊሞም

ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ደቀምሓረ፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) 3ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዝዘመጽኡ 60 ኣባላት 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ3 ሕዳር ናይ መዳልያ፡ ወረቐት ምስክርን ገንዘብን ሽልማት ዓዲሉ።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ሚካኤል ጠዓመ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ካብ ዝተሳተፉ 738 ተመሃሮ፡ 125 ናይ ዲግሪ፡ 81 ድማ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ከምዝዘመጽኡ፣ እዚ ከኣ 27.7 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ቀጽሪ ተፈተንቲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ቤት-ትምህርቶም ብደረጃ ዞባ ጉብለል ከምዝኾነት ገሊጹ።

ሓላፊት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ መምህር ርግበ ክፍለ ብወገና፡ እቲ ዓወት ውጽኢት ድምር ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተሸለምቲ ዝበርኸ ዓወት ብምምዕዳው ዚያዳ ክጽዕሩ ተላብያ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሎሚ ዓመት ንሳዋ ንዝዘበሉ ተመሃሮ 11 ክፍሊ፡ ብዘዕባ ምሕደራ ግዜ ኣብ ሳዋ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።



ስእሊ ሲራክ ገብረሚካኤል

# ባጽዕ - ምሕብሓብ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ተዘትዩሉ

ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ኣብ ምሕብሓብ፡ ተራ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ክዓዝዝ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ፡ ብ3 ሕዳር ምስ ወለዲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ተወሃሂዱ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝለዎም ዜጋታት ዓቕሞም ዘፍቅዶ ሓገዛት ክንበር ምጸንሑ ጠቒሱ ድማ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ገርገሱም ዝወደቦ ናይ ምዝንጋዕ ምሕንባስን እንግዶትን መደብ፡ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኣማኑኤል ኣድሓኖም ብወገኑ፡ ነቲ ብምምሕዳር ከተማ ባጽዕን ካልኦት መሻርኽትን ዝተወስደ ተበግሶ ድሕሪ ምምጓስ፡ ካልኦት ኣካላት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱ ኣዘኻኺሩ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ኣደናቒ ጥዕናዊ ረብሓ ሽጉርቲ

ሽጉርቲ(ቀይሕ) ኣብ መላእ ዓለም ክበቑል ዝኽእል ዓይነት ኣሕምልቲ እዩ። ዝበዝሐ ግዜ ተሸሺኑ ንመግቢ ድልው ክኸውን እንከሎ፡ ብጥሬኡ'ውን ይወሰድ እዩ።

ሽጉርቲ ኣብቲ ፈለማ ኣብ ምዕራባውን ምብራቓውን ክፍልታት ኤሲያ እዩ ክበቑል ጀሚሩ። ቀስ ብቐስ ድማ ናብ መላእ ዓለም ኣስፋሕፊሑ። መዛግብቲ ታሪኽ ከም ዘረጋግጾ፡ ሽጉርቲ ኣብ ቻይና ካብ ቅድሚ 5000 ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣትሒዙ ይበቑል ነይሩ። ጥንታውያን ግብጻውያን'ውን ነቲ ዓንኬላዊ ቅርጺ ቆጸላታት ናይ ሽጉርቲ ከም ኣርማ ዘልኣለማዊ ህይወት ገሮም ይወስድዎ ነይሮም። በዚ ድማ ኣብ ውሽጢ መቓብር ምስ ሬሳ ይቐብርዎ ነይሮም።

ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ኣብ ግሪኽ ዝቕልቀሉ ዝነበሩ ፈላስፋታት ሽጉርቲ ከም መድሃኒት ይጥቀምሉ ከም ዝነበሩ ይንገር። ኣብ ኣመሪካ ዘርኢ ሽጉርቲ ብኤውሮጳውያን ሰፈርቲ ከም ዝተኣታተወ ኮይኑ።

ሽጉርቲ ልዑል ትሕዝቶ ሳልፈር፡ ጸሕጊ፡ ቫይታሚን 'ሲ'ን 'ቢ-6'ን ኣለዎ። ፎሌት (folate)፡ ኣይረን፡ ካልሽየምን ፖታሽየምን ዝኣመሰሉ ካልእ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዝሓቖፈ'ውን እዩ። ሽጉርቲ ካብ ዛሕልን ሰዓልን ክከላኸል ዘኽእል ማዕድን ማንጋኒዝ ከም ዘለዎ'ውን ይንገር።

ካብ ሓደ ዓባር ሽጉርቲ 28 ካሎሪን 7 ግራም ካርቦሃይድረይትን ክንረክብ ንኽእል።

**ሽጉርቲ ክሽጎ ዶ ብጥሬኡ ክብላዕ ይበልጽ?**



ሽጉርቲ ዋላ እንተተኸሸነ ብዙሕ ካብ መኣዛዊ ትሕዝትኡ ክጠፍእ ከም ዘይክእል ኣያም ክኢላታት ስነ-መግቢ ዝመልክቱ። እንተኾነ ጥረ ሽጉርቲ ልዑል ትሕዝቶ ተፈጥሮኣዊ ሳልፈር ከም ዘለዎ ይገልጹ።

=> ማዕበስቲ ኣፍልቢ የጉድል፥

መዕበስቲ ኣፍ ልቢ ምስ ዘጋጥመካ፡ ዝተመትረ ሽጉርቲ ምስ ዘይቲ ኣወሊዕ ሓዊሽካ ኣብ ኣፍልበኻ ሸቢጥካ ብጨርቂ ሸፈንቶ ምሕዳር ዝበለጸ ፈውሲ እዩ።

=> ኣብ ህጻናት ዘጋጥም ቅርጻት ይፍወስ፥

ሽጉርቲ መዚርካ ብማይ ወዑይ ጠጢቕካ ድሕሪ ምዝሓል፡ ብማኽካ ሻሂ ምስ ዝወሰድ ኣብ ዕሸላት ዘጋጥም ቃንዛ ናይ ቅርጻት ኣብ ምህዳእ ይሕግዝ።

=> ቃንዛ እዝንን ረኽስን ይኣሊ፥

ሽጉርቲ ኣደቂቕካ ብምምታር ኣብ ቀጢን ካልሲ መሊእካ ብምእሳር ኣብቲ ዘቖንዝወካ ዘሎ ክፍሊ እዝኒ ሰጥ ኣቢልካ እሰሮ። እዚ ክሳብ እቲ ቃንዛ ዝግ ዝበለካ ደጋጊምካ ክትገብሮ ይከኣል።

=> ኣብ ደጋዊ ክፍሊ ኣካላትካ ዘጋጥም ረኽሲ መጥባሕቲ ይፍውስ፥

ሽጉርቲ ኣሕሊፉ ከርኢ ዝኽእል ረቂቕ መሸፈኒ ክፍሊ ኣለዎ። እዚ ኣብ ኣካላትና ከጋጥም ዝኽእል ረኽሲ መድመይቲ ደው ከብል ይኽእል - ምኽንያቱ ጸረ ረኽሲ ጠባይ ስለ ዘለዎ።

=> ሰዓል የሕዊ፥

ሓደ ዓባር ሽጉርቲ ናብ ክልተ መቒልካ ሸኮር ነስኒስካ ንዝተወሰነ ሰዓታት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ክክንቲፍካ ብምውሳድ ሰዓል ንምፍዋስ ተጠቐመሉ። ውጽኢቱ ኣብ ዝሓጸረ መዓልታት ክትዕዘቦ ኢኻ።

=> ረሰኒ ይፍውስ፥

ሓደ ዓባር ሽጉርቲ ብጸፊሕ ኣቕጢንካ ምተሮ። ብድሕሪኡ ክብዲ እግርካ ክሳብ ውሽጢ ኣጻብዕትኻ ዘይቲ ኣወሊዕ ልኽዮ። በቲ ዝተመትረ ሽጉርቲ ንዝተወሰነ ደቓይቕ ምልእ ከብዲ እግርኻ ድረዞ። ብድሕሪኡ ካብቲ ሽጉርቲ ኣብ እግርኻ ኣጥቢቕካ ብካልሲ ሸፊንካ ሕደር። እቲ ሽጉርቲ ኣብ ኣካላትካ ንዝህሉ ኩሉ ዓይነት መርዝም (toxins) መጺዩ ኣውጺኡዎ ከም ዝሓድር ኣይትጠራጠር።

=> ኣብ ኣከባቢ ንህሉ ኣየር የጽሪ፥

ዝተመቕለ ሽጉርቲ ኣብ ብዩቲ ብምንባር ኣብ ገዛ ምስ እትዓጽዎ ነቲ ገዛ ካብ ጎዳኢ ባክተርያን ቫይረስን ከም ዘጽርዮ ትፈልጥ ዶ?

=> ድቃስ ክትረክብ የኽእል፥

ሽጉርቲ ኣብ መዓናጡን ከስን ክፍጠሩ ንዝኽእሉ ባክተርያ ብምጥፋእ ምሕቃቕ መግቢ ከተባብዕ ዝኽእል ኬሚካላዊ ወህደት ኣለዎ። እዚ ኬሚካላዊ ወህደት ሓንጎልና ዕረፍቲ ክረክብ ዝኽእል ብምዃኑ'ውን ብቐሊሉ ድቃስ ክወስደና ይኽእል።

=> ኣፍ የጽሪ

ሽጉርቲ ናይ ሳልፈር ወህደት ዘለዎም 'ቲዮሳልፌኔትስ' (thiosulfonates) ዝተባህለ ኬሚካል ኣለዎ። እዚ ኬሚካል'ዚ ኣስናንና ዝመሽምሹ ባክተርያ ኣብ ምጥፋእ ልዑል ግደ ኣለዎ። ዚ ጥቕሚ'ዚ ንምርካብ ብጥሬኡ ክንወስዶ ዝበለጸ እዩ።

**ካልእ ጥዕናዊ ረብሓ ሽጉርቲ፦**

- ጥዕና ልቢ የመሓይሽ፥
- ኣብ ደም ዝህሉ መጠን ሸኮር የጉድል፥
- ምሕቃቕ መግቢ የሐይል፥
- ጥዕና ኣዕጽምቲ ይዕቅብ፥
- ካብ ቁጥዐን ነድርን ይከላኸል፥
- ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካላት የዕቢ፥
- ንርዓት እስትንፋስ ኣካላት የሐይል፥
- ጥዕና ኣዒንቲ ይሕሉ፥

**ምንጪ፦** HEALING LIFE IS NATURAL

# ዜና

## ሓጋዝ - ኣባላት ባይቶ ምስ ህዝቢ ዘትዮም

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣብ ዝርጋሐን ተጠቃምነትን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ትግባረ መደባት ልምዓትን ዘተኮረ ርክብ ምስ ኣባላት ባይቶ ዞባ ዓንሰባ ኣካይዶም።

ኣብ'ቲ ካብ 3 ክሳብ 6 ሕዳር ምስ ነበርቲ ከተማ ሓጋዝ ምምሕዳር ከባቢ ዓድፋካይ ከምኡ'ውን ምስ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ተኻይዱ ሓጋዝ ዝተኻየደ ኣኼባታት፡ ኣብ ተሪር ኣበርክቶን መንእሰያት ኣብ ልምዓታዊ መደባት፡ ተጠቃምነት መሬትን ረብሓታት ምኽኣል ግብሪ መማኸሲትን፡ ምርግጋጽ ድሕነት ኣደን ህጻንን፡ ሳዕቤናት ጉሕጒሕቲ ወራያትንን ምሕያል ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮን ብዝምልከት ተዘቲዩ።

ኣባል ባይቶ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ ብደሆ፡ ህዝቢ ንዝተዋደደሉ ትካላት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ቀረብ ማይን ካልእን ብግቡእ ክጥቀመሉን ሕጽረታቱ ከማልእን፡ ኣብ ምውጋድ ጎዳኢ ልምድታት ድማ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ጸሓፊ ባይቶ ዞባ ዓንሰባ መምህር ስሌማን መሓመድ-ኑር ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ምዕሩይ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብምርግጋጽ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቀኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንኸዕቢ፡ ተራ ሕብረተሰብን ኣካላት መማኸርትን ዝሓትት ጉዳይ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብፍላይ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝተረኽየ ትሑት ወጽኢት ንምምሕያሽ ክሰርሕ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ዝተማልአ ኣገልግሎት ጥዕና ንኸረጋግጽ፡ ኮማዊ ሆስፒታል ሓጋዝ ናብ ደረጃ ሆስፒታል ክብ ክብል፣ ኣብ ትምህርቲ ዝርኢ ሸለልትነት ተመሃሮን ድኽም ምክትታል ወለድን ብዕቱብ ክስራሓሉ፣ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ፍታሕ ክረክበሉ ዝብሉን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284


## ነበርቲ ሊባን፡ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ናይ ምዝንጋዕ መደብ ወዲቦም

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሊባን - ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ተዋፊሮም ንዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብ3 ሕዳር ናይ ምስጋናን ምዝንጋዕን መደብ ወዲቦም።

ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 17፡ ሃንደሳን ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊትን፡ ኣብ ምስራሕ ዲጋ ተዋፊሮም ከምዘለዉን ድሮ ፍርቂ ናይ'ቲ ስራሕ ከምእተዓመን፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሊባን ኣቶ ተስፋይ ከሰተ ሓቢሩ።

ዝተገበረ እንግዶት፡ ንምትብባዕም እምበር ምስ ውዕለቶም ዝዳረግ ከምዘይኮነ ዝጠቐሱ ነበርቲ፡ እታ ዲጋ ንዝጸንሖም ጸገም ማይ መሰረታዊ ፍታሕ እተምጽእ ስለዝኾነት፡ ዝከኣሎም ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ገሊጾም።

ወኪል ክፍለ-ሰራዊት 17 ፍቓዱ በየነ ብወገኑ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ዝጀመርዎ ስራሕ ብኣድማዕነት ንምዛዛም፡ ነበርቲ ንዝገብርዎ ዘለዉ ተሳትፎን ኣበርክቶን ሞጕሱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ድማ፡ ነበርቲ ሊባን ንዘወሰድዎ ተበግሶ ድሕሪ ምምስጋን፡ ህዝቢ ድሕሪ ምዝዛም'ታ ዲጋ ንዘጸበዮ ዘሎ ግዚፍ ናይ ልምዓት ስራሕ፡ ዓቕሚታቱ ኣወሃሂዱ ተዳልዩ ክጸንሕ ተላብዩ።


# ኣገዳሲ መልእኽቲ ብዛዕባ ጕስጓስ ቅነ-ውሕስነት መድሃኒት

## ዘይትጥቀመሉምን ዕለቶም ዝሓለፉን መድሃኒታት ብግቡእ ኣወግድ!

ዘይትጥቀመሉምን ዕለቶም ዝሓለፉን መድሃኒታት፡ 'ናብ ዓይኒ-ምድሪ ወይ ላቫንዲኖ ምፍሳስ፣ ምስ ዘቤታዊ መኣከቢ ጕሓፍ ኣኪብካ ምጕሓፍ፤ ብሓዊ ምቅጻል ኮነ ኣብ ሓመድ ምቕባር ቅኑዕ ኣጕዓዕዛ ኣወጋግዳ መድሃኒት'ዩ' ኢልካ ዶ ትሓስብ ትኸውን፤ እዚ ግን ግጉይ ኣጕዓዕዛ ኣወጋግዳ መድሃኒት ምዃኑ ፍለጥ። ምኽንያቱ፣ እዞም ኣጕዓዕዛታት፡ ምምራዝ ሰብን እንስሳታትን፡ ተጻዋርነት ደቀ-ነፍሳት ንመድሃኒት ጸረ-ታህዋስያንን ምብኻል ኣከባብን ከስዕቡ ስለ ዝኽእሉ። ዞም መድሃኒት፡ ብውሑስ ኣጕዓዕዛ ንምእላይን ንምውጋድን፡ ናብ ኮማዊ-ፋርማሲታትን ማእከላት ጥዕናን ብምምላስ ኣብቲ 'ዘይተጠቐምካሎምን ግዜኦም ዝሓለፉን መድሃኒት ዝእከበሉ መኣከቢ ቆፎ' ብምእታው ብግቡእ ከም ዝውገድ ግበር።

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቋንቋን ባህሊን ዘይፈሊ

ኣብ መላእ ዓለም ኣስታት 7,000 ሽሕ ዝበጽሑ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከም ዝዘረቡ ይግመት፡፡ እዚ ኣሽሓት ቋንቋታትን ባህልታትን ዘይፈሊ ደኣ እንታይ ኮን ይኸውን? ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቋንቋን ባህሊን ሰሓቕ ሓደ እዩ፡፡ ሰሓቕ ንፍልልያት ዘጽብብ ኣድማሳዊ ቋንቋ እዩ፡፡ ሰሓቕ ቋንቋ ፍቕርን ሕያውነትን ሓልዮትን ርህራሀን እዩ፡፡ ደቂ-ሰብ ጥራይ ዝውንንዎ'ውን ኣይኮነን፡፡ ኣብ እንስሳታት'ውን ይርአ እዩ፡፡ እቲ ዝበለጸ



ኣብ ፋርማሲ ዘይርከብ መድሃኒት ሰሓቕ እዩ፡፡ ከም ሰሓቕ ኣብሉ ንሕርቃንን ግርጭትን ብዝቐልጠፈ ዝፍውስ መድሃኒት የልቦን፡፡ ሰሓቕ ንኽንነብር ካብ ዘድልዩና ጠለባት ህይወት'ዩ፡፡ ሰሓቕ ንቑጠዐናን ጭንቀትናን ዘብርድ መድሃኒት እዩ፡፡ ሰሓቕ ጉዱእ ርእሰና እንሕዝሉ ጥበብ እዩ፡፡ ደቂ-ሰብ ዝተፈላለየ ሰሓቕ ከም ዘዘውትሩ ክኢላታት ስነ-ልቦና ይገልጹ፡፡ ሰሓቕካ ክብሪ ካልኦት ዘተንክፍ ምስ ዝኸውን ኣመና ጸያፍ ተግባር እዩ፡፡

ከምኡ ዓይነት ሰሓቕ ተዘውትር እንተ ደኣ ኾይንካ ውሽጥኻ ብሕነ ወይ ቅርሕንቲ ዝተዓብለለ ምዃኑ ዝሕብር እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ሰሓቕ ካብ ገድ ዘለዎ ልምዲ'ዩ፡፡ እቲ ኻልእ ዓይነት ሰሓቕ ብጉጅለ ኮይንካ ክትሰሓቕ ምኽኣል እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ሰሓቕ ምስ ደምካ ከተዋህዶ ምኽኣል ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዎ፡፡ እዚ ባህሪ እዱብን ናይ ወረዛትን'ዩ፡፡ ብጉጅለ ርእሱ ዝሰሓቕ ሰብ ክቡር እዩ፡፡ ብስነ-ምግባር ጽቡቕ ዝበለ እዩ፡፡ ሰሓቕ ጥዕና'ዩ፡ ዓወት'ዩ፡ ሓይሊ'ዩ፡ ሓገሳ'ዩ፡ ፍቕሪ'ዩ፡ መልክዕ'ዩ፡ ኮታ ሰሓቕ ኣብ ህይወትና ምንጪ ኹሉ ጸቡቕ ነገር'ዩ፡፡ እቶም ኣብ ዝበዝሐ ሰእሎም ፍሽኽታ ዘርእዩ ሰባት ካብቶም ኣብ ሰእሎም ፍሽኽታ ዘየዘውትሩ ዝያዳ ኣብ ህይወቶም ቅሱናትን ጥዑያትን፡ ኣብ ሓዳሮም ጽኑዓት፡ ኣብ ዕላማኦም ድማ ዕዉታት ከም ዝኾኑ ክኢላታት ይሕብሩ፡፡ ካብቲ ዘደንቕ ነገር ናይ ሰሓቕ፡ ኣብ ዝኾነ ባህሊ ናይ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ ሓደ ዓይነት ትርጉም'ዩ ዘለዎ፡፡ ንሱ ድማ ሰሓቕ ምልክት ሓጎስ ምዃኑ'ዩ፡፡ መዓልታዊ ልዕሊ 20 ግዜ ፍሽኽታ ከዘውትር እንክለና፡ ከም ንብሮ'ዩ ዝሕሰብ፡፡ መዓልታዊ ትሕቲ ሓሙሽተ ፍሽኽታ ዘዘውትሩ ግና ትሕቲ ንብሮ ስለ ዝኾኑ ክውሰኹሉ ኣለዎም፡፡ እቶም ብፍሽኽታ መወዳድርቲ ዘይብሎም ፍጡራት ህጻናት'ዮም፡፡ ንሳቶም መዓልታዊ ኣስታት ኣርባዕተ ሚእቲ ዝበጽሕ ፍሽኽታ ከዘውትሩ ይኽእሉ፡፡ ቀዳማይ ሕጂ ጸቡቕ ምስ ዝስምዓና ኢና ፍሽኽታ ከርኢ ወይ ክንስሕቕ ዘለና ዝብል ርድኢት ነይሩና ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ እንተኾነ ክኢላታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ዝያዳ ፍሽኽታ ንገለ ክፋላት ናይ ሓንጎልና ብምንቅቃሕ ሓጎስ ክፈጥረልና ከም ዝኽእል ይሕብሩ፡፡ ካልእ፡ ፍሽኽታ ከም ናይ ምንብሃቕ ዝመስል ባህሪ ኣለዎ፡፡ ከምቲ ከተንባህቕ እንክለኻ ካልኦት ሰባት ከምባህቑ ዝግደዱ፡ ኣብ ፍሽኽታ'ውን ተመሳሳሊ'ዩ፡፡ ፍሽኽታ ምስ ተርኢ ካልኦት ሰባት'ውን ፍሽኽ ክብሉ ይደፋፍኡ እዮም፡፡ ስለዚ ፍሽኽታ ኣብ ውሽጥኻን ከባቢኻን ከምጽኦ ዝኽእል ለውጢ ዓቢ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡ ፍሽኽ ክትብል ከለኻ ገጽካ ይበርህ፡ ውሽጥኻ ድማ ባህታ ይስምዖ፡፡ ተዋዛይቲ ሰባት ንኽትስሕቕ ዓቢ ተራ'ዮም ዝጻወቱ፡፡ ተዋዛይቲ ሰባት ንዘበራት ብሓድሽ ኣረኣእያ ናይ ምጥማት ክእለት ኣለዎም፡፡ ኣብ መንጎ ባህልታት ናይ ዋዛ ፍልልያት ኣሎ፡፡ ሓደ ዋዛ ኣልዒልካ ክትዛረብ እንከለኻ፡ ንኹሉ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ዋዛ፡ ብባህሊ፡ ታሪኽ፡ ልምዲ፡ ስርዓታትን ክብርታትን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ይጽሎ'ዩ፡፡



ዋዛ ብኣተኣኻኽባ፡ ብህንጡይነት ንኽትሰምዖ ከምኡ'ውን ብዘይ ቀይዲ ንምርድኡ ሓጊዚ እዩ፡፡ ዓይነታት ዋዛታት ደረት ኣልቦ ክኾኑ እንከለዉ፡ ንኹሎም ተዋዛይቲ ሰባት ሓደ ናይ ሓባር ክእለት ኣለዎም፡፡ ብዝቐለለ መንገዲ፡ ንልቢ ብዘንጠልጥል ንኻልኦት ምስሓቕ ወይ ምቕራብ እዩ፡፡ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ነገራት፡ ዘዝረኣዩዎ ኮታ ኹሉ ብምልኡ ልቦም ብዝበለጸ ትዕዝብቲ ስለ ዝዕዘብዎ፡ ብርእሶ ተኣማንነት ንኽንጽብርቖ ኣይጸገሙን እዮም፡፡ ዋዛ ካብ ሕጉስ ልቢን መንፈስን'ዩ ዝምንጩ፡፡ ሓይሊ ዋዛ ምስ ቀምኀር ተሳንዩ ክኸይድ እንክሎ ኸኣ ዝያዳ እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ፡፡ ዋዛ ምስ ቀምኀር ምስ ዝኸውን፡ ካልኦት ህይወቶም ንኽመሓይሹ እውን ተራ ኣለዎ፡፡ ኣብ'ዛ ንነብረላ ዓለም ዋዛ እንተ ዘይህሉ፡ ከመይ ዓይነት ህይወት መሕለፍና? ኣብ ወጥሪ ዝበዝሖ ሃዋህው ተዋዛይቲ ሰባት ነቲ ሃዋህው ናይ ምልዋጥን ምህዳእን ዓቕሚ ኣለዎም፡፡ መዓስ'ዚ ጥራይ፡ ብዋዛ ኣቢልካ ኣዝዩ ተረር ቃል ስምዒት ዘይተሓወሶ ክተመሓላልፍ ይከኣል እዩ፡፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኸኣ ኣብቶም ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ተዋዛይቲ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ከም ዝግደሳ'ዩ ዝገለጸ፡፡ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መጻምድቲን ክኾኑ ዝሓርይኦ ወዲ ተባዕታይ ኣፍ ዘዮኽድን ማስሓቕን ዝኾኑለን'የን ዝመርጻ፡፡ እቲ ብኣላ ዋዛን ካልኦትን ንስሒቆ ሰሓቕ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ረብሓታቱ ብዙሕ እዩ፡፡ ንጭቁናታት የቃልል፡ ካብ ሕማም ልቢ ይከላኸል፡ ንህይወት ሓጎስን ፍናንን ይህብ፡ ጭንቀትን ወጥርን የቃልል፡ ዝምድናታት የሐይል፡፡ ስለ ዝኾነ እዩ ተዋዛይቲ ሰባት ምሳና ክህልዉ ንብህጎ፡፡ ብሰሓቕ ኣቢልካ ንዓለም ብዝያዳ ብርጉእ መንፈስን ሓጎስን ክትጥምታ ትኽእል፡፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ዕምሪኻ ነዊሕ ይኸውን፡፡

## ቪታሚን-ሲ

ሕጽረት ቪታሚን ሲ ብሕማም ሩጥባ 'ስከርቪ' (Scurvy) እዩ ዝግለጽ፡፡ ምልክታቱ ድማ ሕበጥ፡ ዝደሚ ግርጻን፡ ምጉራፍ ቀወምቲ ኣስናን፡ ምቑሳል መላግቦታትን ዋሕዲ ደምን የጠቓልል፡፡ ሕማም ሩጥባ፡ ዘለዎ ሰብ ከኣ ብቐሊሉ ብተደጋጋሚ ሰዓል ክጥቀዖ ይኽእል፡፡ ቁርበቱ ብፍላይ ከናፍሩ ይነቅጽ፡፡ መልሓሱን ኣፉን ይቖስል፡፡ ግርጻኑ ተኣፊፎን ደማይን ይኸውን፡፡ ሕማም ሩጥባ ዝሓዞ ሰብ ዋሕዲ ቪታሚን ሲ ኣለዎ ማለት እዩ፡፡ ብቁልቶ፡ ለሚን፡ ኣራንሺ፡ ዕረ፡ ካውሎ፡ ገለ ካብቶም ትሕዝቶ ቪታሚን ሲ ዝርከቦም እዮም፡፡

• ብቁልቶ፦ ምድላው ብቁልቶ፡ ንዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ኣብ ማይ ክሳብ ዝትርከሱ ብምእላኽ ድሕሪኡ ድማ ኣብ ራህዲ ዘለዎ ጥሉል መትሓዚ ንሒደት መዓልታት ብምቕማጥን ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ብጽሩይ ማይ ብምልቕላቕን ዝኣማሰሉ ቀለልቲ ማስርሓት የጠቓልል፡፡ ብቁልቶ ንነዊሕ ዓመታት መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣእካልን ጥረታትን ናይ ምህብታም ዝቐለለ ኣገባብ ምዃኑ ክንገር ጸኒሑ'ዩ፡፡ ንምዃኑ ቀንዲ ረብሓ ብቁልቶ እንታይ እዩ? ብርግጽ'ከ ምብቋል ንመኣዛዊ ትሕዝቶ ኣዝርእቲ ክልውጦ ይኽእል ድዩ? ዘይበቖሉ ድኑቓት ኣዝርእቲ ኣእካልን ጥረታትን ብምሉኦም ዳርጋ ቪታሚን 'ሲ' ዝብሃል የብሎምን፡፡ ዝበቘለ ኣዝርእቲ በቲ ሓደ ወገን ሕማም ሩጥባ ንምክልኻል ካብ ዘድሊ ዓቐን ንላዕሊ ዝኣክል ትሕዝቶ ቪታሚን 'ሲ' ኣለዎ፡፡ ንሰለስተ መዓልቲ ተኣሊኹ ዝበቘለ ደቂቕ ኣዳጉራ ምብላዕ ብዘተዓጻጸፈ ቅልጣፈ ካብ ሕወየ (ክፍወሶ) ይኽእል፡፡ ስለዚ ዝተፈላለዩ ዝበቘሉ ኣእካልን ጥረታትን ንሕማም ሩጥባ ክፍውሱ ይኽእሉ'ዮም፡፡ ከም ዓተር፡ ኣጃ፡ ሰገም፡ ስርናይ፡ ሰዓ፡ ሩዝ፡ ባልደንጓን ዓይኒ-ዓተርን ዝኣማሰሉ ይርከቡዎም፡፡

• ለሚን፦ ለሚን ኣብ ጥዕና ኣወራ ካብ ዝፍለጡ ብልጫታቱ፡ ካብ ሕማም ኣብ ምክልኻል ዘሀቦ ረብሓ እዩ፡፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ቪታሚን ሲ ዝፍጠር ሕማም ሩጥባ፡ ለሚን ብምውሳድ ክንከላኸሎ ከም እንኽእል ካብ ቀደም ኣትሒዙ ዝተፈልጠ እዩ፡፡ ለሚን ብዘለዎ ጸዑቕ ትሕዝቶ ቪታሚን ሲ እምበኣር፡ ንሕማም ሩጥባ ክንከላኸሎ ንኽእል ኢና፡፡ ለሚን ብዘለዎ ኣሲድ መግቢ ኣብ ምሕቃቕ ይሕግዝ፡፡ ንምሕቃቕ መግቢ ዝሕግዙ ፈሳሲ ከሰዐ ድማ የሐይሉ፡፡ ኣብ ለሚን ዝርከብ ኣሲድ መዓንጣ ኣብ ምጽራይ ይጠቅም፡፡ መዓንጣ ክጸሪ እንከሎ ድማ፡ ድርቀት ክሃድእ ከም ዝኽእል ክኢላታት የረድኡ፡፡ ለሚን፡ ፍላቮኖይድስ ዝተባህሉ ሓያሎ ዓይነት ሕማማት መዓንጣ ዝከላኸሉ ትሕዝቶ ኣለዎ፡፡ ቅሩፍ ለሚን ምሽታት፡ ኣብ ምህዳእ ዕውልውል ምግቢ ይጠቅም፡፡ ኣብ ለሚን ዝርከብ ፍላቮኖይድስ፡ ንዝተወሰነ ሕማማት ዓይኒ ክከላኸል ከም ዝኽእል ሕክምናዊ ጸብጻባት የረጋግጹ፡፡ ኣብ ኣካላት ሰብ ተዋህሊሉ ሕማማት ከስዕቡ ዝኽእሉ ርሱሓት ውሽጣዊ ኣካላት ጸራሪት ዝኣሊ ትሕዝቶ 'ኣንቲ ኦክሲዳንት' ኣለዎ፡፡ ቪታሚን ሲ፡ ሓጺን ኣብ ሰብነት ክምጽ ይሕግዝ፡፡ ካውሎ'ውን ብቪታሚን ሲ ሃብታም እዩ፡፡

• ዕረ፦ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከም መድሃኒት ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ተኽሊ እዩ፡፡ ብዘውሳኺ፡ ተመራመርቲ ንዕረ ጥዕናዊ ጉድኣት ዘየስዕብን ኣብ ምጽራይ ኣፍ ወጽኢታዊ ከም ዝኾነን ይሃቡ፡፡ ዕረ፡ ኣብ ትሕዝቶኡ ልዑል ዓቐን ቪታሚን 'ሲ' ይርከቦ፡፡ ኣብ ሰገና ዝኾነ ናይ መድመይቲ ምልክት ምስ ዝህልወና ድማ ንምግታኡ ይሕግዘና፡፡ ሕማም ሸኮር ዘለዎ ሰብ ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ማንካ ዕረ ምስ ዝሰቲ፡ ኣብ ደሙ ንዝርከብ ሸኮር የጉድሎ፡፡

• በርበረ፦ ትሕዝቶኡ ቪታሚን 'ሲ' ይርከቦ፡፡ ሕማም ልቢ ንዘለዎም ሰባት ጥዕና ዝህብ ዝበለጸ ቀመም ምዃኑ ይፍለጥ፡፡ በርበረ ዘለዎ መግቢ ምጥቃም ጸቕጢ ደም ከም ዝኑኽስን ኣብ ዑደት ደም ዘይተደልየ ስብሒ ከይውህለልን ዝሕግዝ ብምዃኑ ሕማም ልቢ ንዘለዎም ሰባት ጠቓሚ እዩ፡፡ ሕማም ልቢ ኣብ ደምና ካብ ዝፍጠሩ ዘይተደልዩ ስብሒ እዩ ዝስዕብ፡፡ በርበረ፡ ኣብ ኣካላትና ተኸዚኑ ንዝጸንሕ ዘይተደልየ ስብሒ ስለ ዘቃጥሎ ዑደት ደም ካብ ምዕጋት ይከላኸል፡፡




## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- “ብህርያዊ መብዝሕትአን ኣዴታት ፈላስፋታት እየን፡፡”- ሃሪየት በቸር ስቶው
- “ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንግሆ፡ ክልተ ምርጫታት ኣለዋኻ፡ ቀዳማይ ምርጫ፡ ሕልምታትካ ተገልቢጥካ ድቃስ ምቕጻል፡፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ካብ ድቃስካ ተበራቢርካ ሕልምኻ ምትግባር እዩ፡፡”- ኣርኖልድ ሽዋርዘነገር
- “ብዝፈተንካዮ መጠን ዝያዳ ትፈሽል፡፡ ብዝፈሸልካ መጠን ዝያዳ ትመሃር፡፡ በቲ ዝተመሃርካዮ መጠን ድማ፡ ዝያዳ ትዕወት፡፡” - ጆን ሲ ማክስዌል
- “እቲ ዝበለጸ ዓወት ካብ ልዑል ትጽቢት እዩ ዝርከብ፡፡” - ቻርለስ ኬተርንግ
- “ተግባር ናይ ኩሉ ዓወት መሰረታዊ መፍትሕ እዩ፡፡” - ፓብሎ ፒካሶ
- “ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ብዘይ ስግኣት ንበር፡፡” - ኤልተን ጆን
- “ሕልምኻ ናብ ጋህዲ ትቕይረሉ ዝበለጸ መንገዲ ብምብርባር እዩ፡፡” - ፓውል ቫለሪ
- “ኣነ ወጽኢት ኩነታተይ ዘይኮንኩ፡ ወጽኢት ውሳኔታተይ እየ፡፡”- ስቲቨን ኮቪይ

## ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 07:30 | ሃገራዊመዝሙር |
| 07:35 | ካብ ሰሁዓት |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 14:05 | ዶክመንታሪ ቻይና |
| 15:50 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመሃሰት-ካም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ድሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ንእፍልጦ

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣብ መከናኸኒ ቈርበት ዝርከቡ ኣገረምቲ ጥረ-ነገራት


መጽበቒ ወይ መከናኸኒ ገጽ ምጥቃም ሓደ ካብ ንቡር ዕለታዊ ንጥፈታት ሰብ ካብ ዝኾነ ሓጺር ኣይገበረን። ንምጽብባቕ ወይ ንምክንኻን ቈርበት ዝገልግሉ ፍርያት፡ ተጠቀምቲ ስማጽ፡ ዘይተጨማደደ፡ ልስሉስን ብሩህን ቈርበት ንክህልዎም ይሕግዙ። እዞም ናይ ገጽ ፍርያት፡ ብዝተፈላለዩ ሰብኣዊ ከሚካላትን ባህርያውያን ጥረ-ነገራትን ይምስረሑ። ገለ ካብዞም ፍርያት፡ ኣዞም ዝተጠቕሱ ዕላማታት ንምውቃዕ ተባሂሎም ዘርሙ ባህርያውያን ጥረ-ነገራት ዝውንኑ እዮም። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃሱ–

ሕንዚ ንህቢ፦ ሕንዚ ንህቢ ፕሮቲን፡ ኣሚኖ ኣሲድን ፐፕሲናይን ዝውንን ኮይኑ፡ ንተመጣጥነት ቈርበት የልዕል። ሕንዚ ንህቢ፡ ቆርበት ገጽ ብዘለዒ ኮላጅን ንኸፍሪ ብምትብባዕ ንስርዓት ምዝውዋር ደም ገጽ የደንፍዕ። ብተወሳኺ፡ ጭኢታ ጸረ-ነድሪ ዝውንን ኮይኑ፡ ቈርበት በርበረ ንኸይመስልን ንክለምጽን ይሕግዝ። ሕንዚ ንህቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ዝዓም ዕላማታት ንምህራም ተባሂሎም ኣብ ዝተሰርሑ ፍርያታት ክንረኽቦ ንኽእል።

ልፋጭ ኣረ፦ ልፋጭ ኣረ፡ ኣረን ኣብ ባይታ ክንፈሓኾ ከሎ ተሰፊጡ ዝተርፍ መለግለግ ዝብል ነገር እዩ። እዚ ልፋጭ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ መጽበቒ ፍርያት ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ ምልስላስ ዝደረቐ ምክልኻል ዝተጨምደደን ምሕዋይ ዝተጎድኣን ቈርበት ሓጊዚ ምዃኑ ይሕበር። ኣረን ካብ 400 ዓም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣትሒዙ ኣብ ምክንኻን ቈርበትን ሓፈሻዊ ጥዕናን ክውዕል ምጀንሑ ይፍለጥ። እዚ ቈርበት ኣብ ምክንኻን ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ፍርያታት ዝርከብ ጥረ-ነገር፡ ኣብ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን ብዝያዳ ኣብ ኣገልግሎት ይውዕል።

ላኖሊን፦ ላኖሊን ካብ ጸምሪ ጠበ ዝወጽእ ቅብኢ እዩ። ላኖሊን ኣብ ምክንኻን ዝደረቐን ዘሳሕን ቈርበት ዝውዕል ኮይኑ፡ ካብ ጸምሪ ዝ. መዓላ ተባሂለን ዝዓበያ ኣባጊዕ ይፈሪ። ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ፈከሰ ቅብኢ፡ ምጭምዳድ ቈርበት ይከላኸል። ኣብ ምሕዋይ ዝተጎድኣ ቈርበት እውን ኣድማዒ ምዃኑ ይግለጽ።

እንቋቑሖ ሰገኑ፦ እንቋቑሖ ምንጪ ፕሮቲን፡ ቫይታሚንን ካልኦት ኣገደስቲ ማዕድናትን እዩ። እንቋቑሖ ሰገን እቲ ዝዓበየ እንቋቑሖ ኮይኑ፡ እቲ ብጫ ክፋሉ ጭኢታ ጸረ-ታህዋሲያን ስለዝውንን፡ ኣብ ምውጋድ ፈጸጋን ካልእ ናይ ቈርበት ጸገማትን ኣዝዩ ጸቡቕ ምዃኑ ይግለጽ። እዚ ክፋል እንቋቑሖ ኣብ ዝተፈላለዩ ፍርያት መከናኸሽን መጋጸ. ኣብ ቈርበት ንምክንኻን ዝውዕሉ ፍርያታት እውን የገልግል እዩ። ንምክንኻን ቈርበት ዝውዕል ኣልማዝ፡ ተደቒሱ ናብ ሓርጭ እዩ ዝለወጥ። ዝበዝሐ እዋን ከኣ፡ ሃብታማት ዓለምና ዚ. ኣልማዝ ዘለዎ ፍርያት ዝጥቀምሉ



መጸበቕን ቈርበት ደርከቡ።

ሳልሞን ዓሳ፦ ኣብ ሳልሞን ዓሳ ጭኢታታት ጸረ-ምረታን ጸረ-እርጋንን ደርከቡ። እዞም ጭኢታታት እዚኣቶም መከናኸኒ ቈርበት ብዘፍርያ ትካላት ተበርበርም፡ ኣብ ምሕዋይ ዝኣረገ ኮነ ዝተጎድአ ቈርበት ይውዕሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ምራቕ ሳልሞን ዓሳ ንዝኣረገ ወይ ዝሓመመ ቈርበት ከርዒፍ ዝኽእል ጭኢታ ክርከብ ዝኽእል ኮይኑ፡ ካብ ዘርኢ ተባዕታይ ሳልሞን ዓሳ ከኣ እርጋን ንምክልኻል ዝውዕሉ ፍርያታት ከምዝምስርሑ ይሕበር።

ኣልማዝ፦ ኣልማዝ ብዘይካ ከም ኮይኖም፡ ተመጣጥኖን ወዘ ዘለዎን ቈርበት ንኽህልዎም ድማ ይሕግዞም።

ሓሳኽ፦ ሓሳኹ ኣብ ሲፒስቲክ፡ መሰሰሲ ከንፈር፡ መጽበቒ ከቦሮ ዓይንን ደርከቡ። እዞም ኣብ መጽበቒ ፍርያት ዝውዕሉ ሓሳኽ፡ ኣብ ክንዲ ሰብኣርሓ ሕብሪ ኮይኖም ከም ሕብሪ የገልግሉ። ኣቦዳኖም ዝበሩ ቀጥኣቲ ዓለምና'ውን ቀይሕ ዝሕብሮም ሓሳኹ ጀሪያም ከም መቕብኢ ይጥቀምሉ ምንባሮም ይንገር። ኣብ ዓመት ክሳብ 89 ቢልዮን 'ኮቺኒልያ' ዝበሃል በለስ ዝምገቡ ሓሳኽ፡ ነቲ ኣብ ሲፒስቲክ ዝርከብ ቀይሕ ሕብሪ ንምፍራይ ይሞቱ።



## ዝዓበዩ ጫካታት ዓለምና

ካብ ጠቕላላ ሰፍሓት ደረቕ መሬት ዓለምና፡ እቲ 31 ሚእታዊት ብጫካታት ዝተሸፈነ እዩ። ጫካ ብዘይካ እቲ ዘለዎ ተፈጥሮኣዊ ሰሓብነት፡ ኣብ ምዕቃብ ሚእሊያ ዝይበሎም እንስሳታት መሮር፡ መንበሪን መጽለልን ናይ'ቶም ክሳብ ሕጂ ኣብ በረኻታት ዝቕመጡ ብርክት ዝበሉ ደቀባት ሰባት፡ ኣብ ምምንጫው ልዑል ዓቕን ኦክሲጂን ከምኡ'ውን ኣብ



ምጉዳል ዓለማዊ ዋዒ ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎም። ዝበዝሑ ጫካታት ዓለምና ኣብ ሓሙሽተ ሃገራት ደርከቡ። ቀጺልና፡ ብደረጃ ዓለም ዝዓበዩ ጫካታት ምስ ሓጺር መግለጺታቶም ደሰዕቡ።

### ትሮፒካዊ ጫካ በርማ

እዚ ኣብ ምያንማር ዝርከብ ጫካ እዩ። ኣብ'ዚ ጫካ ብዙሓት ግዙፋት እንስሳታት ከም ሓርማዝ ገሞንን ኑብርን ደርከቡ። መቐጐብቲ ከምዝሕብሩዎ፡ እዚ ጫካ ዋላ ኣዝዩ ዓብዩ እንተዃነ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ብዝቕጽል ተደጋጋሚ ብርሰት ኣግራብ ግን ሰፍሓቱ ናብ 233 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜትር ክጽብብ ከምዝኽእል ይሕበር። እዚ ኣብ'ዚ ከባቢ ዝቕጽል ተደጋጋሚ ብርሰትን ምስፍሕፋሕ ትካላትን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክቋረጽ ምስ ዘይክእል፡ እዚ ጫካ ኣብ ውሽጢ 80 ዓመት ምሉእ ብምሉእ ክጠፍእ ከምዝኽእል ይግለጽ።

### ጸለም ጫካ

እዚ ጫካ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ጀርመን ደርከቡ። ስም እዚ ጫካ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ከባቢ ብብዝሒ ዝበቑል ናብ ጸለም ሕብሪ ዝኸደ ኣቖጽልቲ ዝውንን ገረብ ጽሕዲ ዝተወስደ እዩ። እዚ ጫካ'ዚ፡ ብዙሓ ዘለዎም ቀላያት፡ ውሓይዛት፡ እንስሳታትን ሰንጭሮታትን ደርከብዎ። ኣብ'ዚ ብዙሓ ጻዕቂ ገረብ ጽሕዲ ዘለዎ ጫካ፡ ብርሃን ጸሓይ ናብ መሬት ክዓልብ ስለዘይክእል፡ ኣብ ዓለም እቲ ዝጸልመተ ጫካ ምዃኑ ይግለጽ።

### ጫካ ዓቢ ደቢ

ጫካ ዓቢ ደቢ ኣብ ሃገረ ካናዳ ዘሎ ኮይኑ፡ ንብቢ 64 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜትር ተዘርጊሑ ደርከብ። ዓቕን ሙቐት እዚ ከባቢ ኣብ ክረምቲ 17 ዲግሪ-ሰንትግሬይድ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ ከኣ ናብ ኣሉታ 2 ዲግሪ-ሰንትግሬይድ ይወርድ። ኣብ ጫካ ዓቢ ደቢ፡ ክሳብ 1,400 ዝበጽሑ ድቡታት ደርከቡ።

### ትሮፒካዊ ጫካ ኒውጊኒ

እዚ ጫካ ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ እትርከብ ደሴት ኒውጊኒ ን545 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜትር ተዘርጊሑ ዘሎ እዩ። እዚ ንፍርቂ ካብ ሰፍሓት እዛ ሃገር ተቖጺሩ ዝርከብ ጫካ፡ መንበሪ ምስ ዓለም ብዙሕ ቅርበት ዘይብሎም 1 ሽሕ ዝበጽሑ ደቀባት እዩ። እዚ ካብ 5 ክሳብ 10 ሚእታዊት ዝኾኑ ዓሌታት እንስሳታት ዓለምና ዝጽለለ ጫካ፡ ዝሰፍሐ ክፋሉ ክሳብ ሕጂ ኣይተዳህሰሰን ዘሎ።

### ጫካ ታይጋ

ጫካ ታይጋ 30 ሚእታዊት ካብ ሰፍሓት ጫካታት ዓለምና ዝሸፍን ኮይኑ፡ ካብ ካናዳ ብኖርወይ ኣቢሉ ናብ ሳይበርያ ን17 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜትር ተዘርጊሑ ደርከብ። እዚ ጫካ፡ መጀመርያ'ኳ ሓደ ጫካ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዘበምታዊ ምንቅስቓስ ክፍሊ ዓለማት ግና ናብ ሰለስተ ክፋላት ክመቓቐል ክኢሉ። እዚ ጫካ ብዘውንኖ ብዙሕ ዓይነት ገረብ ጽሕዲ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ ናብ ኣሉታ 40 ዲግሪ-ሰንትግሬይድ ዝወርድ ዓቕን ቍዝሒ ደርከቦ። ኣብ'ዚ ጫካ ከም ደቢ፡ ወኻርያ፡ ተኹላን ቢሾርን ዝኣመሰሉ እንስሳታት ደርከቡ። እዚ ብዙሓ ገረብ ጽሕዲ ዘለዎ ጫካ፡ ልዑል ዓቕን ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ከምዝሰሕብ ይንገር።

### ጫካ ቫልዲቪያን

እዚ ጫካ ካብ'ቶም ብዕድመ ዝንኣሱ ጫካታት ዓለምና ኮይኑ፡ ካብ ቺለ ክሳብ ኣርጀንቲና ን248,100 ትርብዒት ኪሎ-ሜትር ተዘርጊሑ ደርከብ። ኣብ'ዚ ጫካ ዝበቑሉ ኣግራብ ነዋሕቲ ክኾኑ ከለው፡ እቶም እንስሳታት ምስ ኣብ ካልእ ጫካ ዝነብሩ እንስሳታት ክነጻጸሩ ከለው ግን ብተዛማዲ ድቓቕ ዝበሉ እዮም። እዚ ጫካ ካብ ተደጋጋሚ ብርሰት ኣግራብ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ህጣሙ ክጠፍእ ከምዝኽእል ይግለጽ።

### ኣብ ኮንጎ ዝርከብ ትሮፒካዊ ጫካ

እዚ ጫካ'ዚ ብዘለዎ መጠን ዕበየት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ኮይኑ፡ 3.4 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎ-ሜትር ሰፍሓት ኣለዎ። እዚ ኣብ ማእከላይ ኣፍሪቃ ዝርከብ፡ ንሽዱሽተ ሃገራት ሰንጢቑ ዝሓልፍ ጫካ፡ መንበሪ ግዙፍ ዕበየት ዘለዎም እንስሳታት ከም ጉሪላ፡ ጎማሪ፡ ኣፍሪቃዊ ሓርማዝ እዩ። ብተወሳኺ፡ ክሳብ 10 ሽሕ ዝበጽሑ ዓይነት ኣታኽልቲ ክርከቡ ከለው፡ ገለ ካብኣቶም እውን ንመዓላ መድሃኒት ይውዕሉ።



ኣብ'ዚ ጫካ ደቀባት ከምዝነብሩ ይፍለጥ እዩ።

### ጫካ ኣማዞን

ጫካ ኣማዞን ብዘለዎ መጠን ሰፍሓት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ጫካ እዩ። እዚ ጫካ'ዚ ኣብ ደቡባዊ ኣመሪካ ን5.5 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜትር ዝዝርጋሕ ኮይኑ፡ ንብራዚል፡ ቦሊቭያ፡ ኮሎምብያ፡ ኤኳዶር፡ ጊያና፡ ጉያና፡ ፔሩ፡ ቬኑዝዌላን ሱሪናምን ሰንጢቑ ይሓልፍ። እዚ መንበሪ 10 ሚእታዊት ዓሌት እንስሳታት ዓለምና ዝኾነ ጫካ፡ ብዙሓ ዓይነት ኣታኽልቲ'ውን ደርከብዎ። ኣብ'ዚ 55 ሚልዮን ዓመታት ከምዝቖጸረ ዝንገረሉ ጫካ፡ 16 ሽሕ ዝበጽሑ ዓሌት እንስሳታትን ኣታኽልትን ደርከቡ። ብተወሳኺ፡ ብዙሓ ዘለዎም ደቀባት ከምዝነብሩ ይሕበር። ጫካ ኣማዞን፡ ብዙሀ ኦክሲጂን ዝዓበየ ሳንበእ ዓለምና ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። ብሰንኪ ኣብ'ዚ ዝቕጽል ንጥፈታት ወዲ-ሰብ፡ 20 ሚእታዊት ማለት 800 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜትር ካብ ጠቕላላ ሰፍሓት እዚ ጫካ ክስድል ክኢሉ ኣሎ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣፎምያ ሰዩም የሃንስ፡ ኣቦና ሰዩም ጆቫኒ ፋንቶሊ ስለዝዮረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ የሰኣብ እዮብ መሻሻ፡ ኣዴና ኣስመረት ኣብርሃም ተ/ማርያም ስለዝዮረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጸጋ ፍቓዱ ሃብተ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ካሕሳይ ጸገ ጊላሚካኤል ስለዝተሰወረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰምሃር የውሃንስ ከበደ፡ ተኸሳሲ ሳሚኤል ፍስሃጼን ሃይሉ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ክፍለማርያም ገብረሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኢሰያስ በርሀ ይሕደጉ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መርሃዊ ኣረጋይ ምግባል ተረፉ፡ መርሃዊ ኣረጋይ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሸዊት ጸገ ኪዳነማርያም፡ ወለድና ጸገ ኪዳነማርያም ሰበሁቱ ስለዝተሰወረ፡ ኣዴና ወ/ሮ ኣፎምያ ኣረፋይነ ስለዝዮረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ወ/ሮ ፍረሰወት ተኽለ በርሀ፡ ኣቦይ ተኽለ በርሀ ደስታን ኣደይ ለተንገስ ቀሺ ብርሃን ስለ ዝዮረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐሰን ዘይንቀሳቐሰን ንብረት፡ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲት ተተካኢት ጓል ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ድራር ሳልሕ፡ ስም ኣደይ ፈረጅ እድሪስ ፋይድ ምግባል ተረፉ፡ ፋጥና ፋይድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ጀማል ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ዝበረኒ ናይ ትካል ኣብዪቲ ዋንኡ፡ ብሚ/ሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ካዳስተር ብቑጽሪ 6BRKN 000/0 ተመዝጊቡ ዘሎ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ናተይ'ዩ ወይ'ውን ምኣይ ሐዘዮ ኣለኹ ዝበል እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናጽነት ኣሪ ደብረጼን ምግባል ተረፉ፡ ዲያና ኣሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዳስ ገብረመድህን ፍጡር፡ ብዓል ቤተይ ሙሴ ተሰፋይ ቀሲታ ደሃይ ስለ ዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ማተዎን መሓሪ የውሃንስ፡ ወለድና መሓሪ የውሃንስ ናስርን ለተየሱስ ዘርኡ ሪእሶን ስለዝዮረፉ፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ግርማይ ተስፋዝጊ ተወልደመድህን፡ ብዓልተይ ቤተይ መዓሾ ተስፋሰላሰ ኣርኣያ ስለዝዮረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ጸጋ ዝርኣብ ሰጊድ፡ ኣዴና ወ/ሮ ሓረጉ ሓደራ ዑቕባርግሽ ስለዝዮረፈት፡ ኣነን 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሕመድ ኣደም ፋካይ፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ሙሓመድ መሳ ምግባል ተረፉ፡ መሓመድ ኣሕመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጸጋይ ካሕሳይ፡ ኣቶ ኣለም ተከአ ገብረምካኤል፡ ብወ/ሮ ኣዜብ ተከአ ገብረምካኤል ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ዝበል ክሲ ቀሪብልኩም ስለ ዘሎ፡ ን12/11/24 ቀርቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየሎኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ከሳሲት ወ/ሮ ፈሽን ረዘ ባይራይ፡ ተኸሳሲ ገደምን ቀሊታ፡ ናይ ኣጥት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ስተልበናት ጣሀር ኢብራሂም፡ ት/ዕድመ ደቀይ 1ይ ሙባረክ መሓመድ ስሌማን ምግባል ተረፉ፡ ናጂ መሓመድ ስሌማን 2ይ ሙዕተዝ መሓመድ ስሌማን ምግባል ተረፉ፡ ዓብደላ መሓመድ ስሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ትርሓስ ሃብተሚካኤል ዘርኣሚካኤል ምግባል ተረፉ፡ ትርሓስ ሃብተሚካኤል ዘርኢማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኢድሪስ ኣደም ዔዋይ ምግባል ተረፉ፡ ኢድሪስ ኣደም ጨዋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሊያ ዑቕባሳሲ ግደ ምግባል ተረፉ፡ ገለይ ዑቕባሳሲ ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድ ዑስማን ዓሊ ምግባል ተረፉ፡ መሓመድ ዓሊ ዑስማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ሓምድ ዓሊ ሰዒድ ምግባል ተረፉ፡ ሀመድ ዓሊ ሰዒድ ሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዑመር ዑስማን ምግባል ተረፉ፡ ዑመር ዑስማን መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ ጸገ ሓለፎም ሓድጉ፡ ኣደይ ምሕረት ወልደኪሮስ ጉብስ ስለዝዮረፈት፡ ኣነን ሓደ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ናይ ዕድመ ብዓልቲ ጸጋ ኣዴና ወ/ሮ ፋንታየ ስበሃቱ የሃንስ ብዓልቲ ቤቶም ን/ሄር ኣዝሞች ተስፋይ በራኺ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝተመላለስኩም፡ ድሕሪ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ዓዲ ከፈለት መጺእኩም ዘቃበርኩምናን ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ቴለፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፡ ኣቦታትን ካህናትን ኣባላት ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስ ናይ ምስጋና ሓዘና ከምዝዮጸና ንገልጽ።

ደቃ ወ/ሮ ኣስቴር ተስፋይን ኣቶ በራኺ ተስፋይን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ብስም ጎይትኦም ኣብርሃ ተወልደ ዝተመዝገበ ብቑፍ/ዋርን ASL00011738 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ንዑስ ዞባ ጥዕና ጎደና ሃገር ቁጽሪ - ዝርከብ ናይ ኣዳራሽን ቪደዮ ፊልም ምፍራይ ትካለይ ንኣቶ ጎይትኦም ገብረእግዚኣብሄር ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንዑስ ዞባ ጣይ ጭሆት ጎደና ባሕሪ ባራ ቁጽሪ 106 ካብ ዕለት 01/03/2022 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየ ስለዘሎኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰሳ መዓልቲ ሰልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ኡቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ጎይትኦም ኣብርሃ ተወልደ

---

ኣነ ኣብ ኣስመራ ከበቢ/ጊ ኮድ ኽፔረት ዓ.ዚ 1A751 ጎደና 751-17 ፕሎት 27 ቁጉንብልን ASP00000579 ፓርሴል C ቁጽሪ 16 ብስም ምሕረት ወልደሲላሰ ኪዱ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁ. ንብረት 1:007904 ዝተመዝገበ ገዛ ንጋለይ ሳራ ተስፋሚካኤል ገብረትንሳኤ ብውህብቶ ስለዝሃብኩዋ ዚ ገዛ ናብ ስማ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መጽንዒ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘየቕሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ ኣሕብር።

ወ/ሮ ምሕረት ወልደሲላሰ ኪዱ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ቁ/ፍ/ዋርን DML00009493 ናይ ታክሲ ትካለይ ንኣቶ ጸጋይ ተስፋሚካኤል ሃይለ ኣድራሻ ምምሕዳር ከበ. ዓዲ ቀመ ን/ዞባ መንደፈራ ብ80,000.00 ናቕፋ ብዕለት 31/07/2019 ስለዝሸጥኩዎ ብስም ሸያጢት ዝኾነ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝበል ኣካል እንተደኣ ኣሎ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ ሰልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ከሰተ

---


## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ


ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

ALPHA PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ቴሌ. 07151337 ወይ 07282165



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣል-ሂላል፡ ውዕል ነይማር ከተቋርጾ ትሓስብ

ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ሂላል፡ ንውዕል ብራዚላዊ ተጻዋታያ ነይማር ኣብ ወርሒ ጥሪ ከተቋርጾ ትሓስብ ኣላ - ብሰንኪ ዘጋጥሞ ዘሎ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ።

ነይማር፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ፒኤስጂ ናብዛ ክለብ ድሕሪ ምስግጋሩ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2023 ንሃገሩ ብራዚል እናተጻወተላ እንከሎ፡ ከቢድ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞ፡ ንሓደ ዓመት ካብ ጸወታ ተኣልዩ ጸኒሑ።

ካብዚ ናይ ተሃድሶ ግዜ ምስ ተመልሰ ከኣ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤሽያ ቀዳማይ ጸወታ ኣካይዱ። ይኹን እምበር፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ሓደ ጸወታ ናይቲ ውድድር ተቐይሩ ድሕሪ ምእታው፡ ኣብ ወሽጢ 29 ደቓይቕ ኣብ የማናይ ሰለፉ ጸገም ኣጋጢምዎ፡ ተቐይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ። ሰሪዚ፡ ጸገም ከኣ እንተውሓደ ንሰለስተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክእለ እዩ - ብዕማሪት ጸብጻብ።

ብዘይካዚ፡ እዞም ምንጪታት፡ ብቑመና እዚ ተወህቦ ዝነዓደሉ ብሉጽ ተጻዋታይ ዘይተሓጎሶት ኣል-ሂላል፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ውዕሉ ከተቋርጾ ሓሰባ ምህላዋ ይሕብሩ። ነይማር፡ ድሕሪ ሓዲሽ ዓመት 2025 ኣብ ዘሎ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናይ ውድድር ግዜ፡ ክጻወተላ ዘለዎ ተኽእሎ ውሑድ ምዃኑ







እትግምት ኣል-ሂላል፡ እትኸፍሎ ግዙፍ መጠን ገንዘብ (ሰሙናዊ 1.6 ሚልዮን ፓውንድ ከምትኸፍሎ ይግለጽ) ንምጉዳል እያ፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ውዕሉ ደው ከተብሎ ወጢና ዘላ።

ናብዛ ጋንታ ካብ ዝመጽእ ሸውዓተ ግጥማት ጥራይ ኣካይዱ ዘሎ ነይማር፡ ሓደ ካብቶም ሸሞንተ ዘይስዑዳውያን ልዕሊ 21 ዝዕድመኦም ተጻወትቲ ኣል-ሂላል እዩ። እዚ ብዘሒ ከኣ፡ ሓንቲ ጋንታ ናይ ደገ ተጻወትቲ ክትሕዞ ዝፍቀደላ መጠን መሊኡ ማለት እዩ። ነይማር፡ ካብ ኣገልግሎቱ ኣብ መጉዳእቲ ዘሕለፎ ዝበዝሐ እንተኾይኑ ግን፡ እዛ ክለብ ውዕል ኣቋሪጻ ሓዲሽ ናይ ደገ (ዘይስዑዳዊ) ተጻዋታይ ከተፈርም ሓሲባ ኣላ።

እዚ እንተኾይኑ ድማ፡ እዚ ወዲ 32 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ድሕሪ ወርሒ ጥሪ ሓዳስ ጋንታ ክናዲ እዩ። ብኢጋኡ ከኣ፡ ናብታ ፕሮፌሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝጀመረላ ናይ ሃገሩ ክለብ ሳንቶስ ወይ ምስ ናይ ቀደም ደቂ ጋንታኡ መሲ፡ በስኬት፡ ስዋረዝን ኣልባን ኣብ ኢንተር ሚያሚ ዳግማይ ክሓብር ይኽእል እዩ ይብሃሉ ኣለዉ።

## “መጉዳእቲ ኩባርሲ ደሓን እዩ” ኣሰልጣኒ ባርሳ

ኣሰልጣኒ ክለብ ባርሴሎና ሃንሲ ፍሊክ፡ መጉዳእቲ ተኸላኻሊኡ ፓዉ ኩባርሲ ደሓን ምዃኑ ገሊጹ።

እዚ እስጳኛዊ ወዲ 17 ዓመት ትሰሩው ተጻዋታይ፡ ረቡዕ ምሸት ንረድ ስታር ቤልግሬድ 5-ብ2 ኣብ ዝሰዓሩሉ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ እዩ፡ ከሰሶ ብርእሱ ክመልስ ኣብ ዝፈተነሉ፡ ብዮቬማ ተጻዋታይ መጋጥምቶም ተሃሪሙ ገጹ ክደሚ ተቐሲቡ። ኣብ ማእከል ሜዳ ድሕሪ ዝተገበረሉ ሕክምናዊ ሓገዝ ከኣ፡ ኣብ መበል 67 ደቒቕ ተቐይሩ ወጺኡ።

ኩባርሲ፡ ሰሪዚ ኣሰንባዲ መጉዳእቲ 10 ጋሽ እኳ እንተተሰፍዩ፡ መጉዳእቱ ግና፡ ከምቲ ዝተፈርሐ ከምዘይነበረ ዓሰሚኡ ገሊጹ። “ተሰፍዩ ኣሎ እንተኾነ ደሓን እዩ” ኢሉ - ፍሊክ። ኩባርሲ'ውን ድሒሩ ‘ደሓን እየ’ ዝብል ጽሑፍ ፍሽኽ ኢሉ እንከሎ ስእሊ ኣሰኒዩ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ለጢፉ።

ወዲ 16 ዓመት እንከሎ ንዓብይ ጋንታ ባርሳ ቀዳማይ ጸወታኡ ዘዐየደ ኩባርሲ፡ ኣብዚ




ወቕቲ እዚ ክለብ መሳጢ ብቐዓት ከርኢ፡ ልዑል ተራ ካብ ዝጻወቱ ዘለዉ ሓደ እዩ።

## ቅንጥብጣብ

* ከይላን ምባፔ፡ ቤታ ኣብዚ ወርሒ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ኣንጻር እስራኤልን ኢጣልያን ጸወታ ዝጸብያ ሃገራዊት ጋንታኡ ፈረንሳ ኣይተመርጸን።

ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ዲዲየር ዲሻምፕ፡ ብዛዕባ ዘይምምራጽ እዚ ኣጥቃዓይ ኣብ ዝተሓተቶ፡ “ምስ ምባፔ፡ ተዘራሪብና ነይርና። ንሱ ክመጽእ ደልዩ ነይሩ። ናተይ ውሳኔ ከኣ ወሲደ። እቲ ዝበለጸ ውሳኔ እመስለኒ። እንተኾነ ዝበን ግጥማት ጥራይ እዩ።” ኢሉ። ምባፔ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝበረ ኣህጉራዊ ግጥማት'ውን ብሰንኪ ማህረምቲ ኣይተጻወተን። ምባፔ፡ ኣብ ሓዳስ ክለቡ ሬያል ማድሪድ፡ ርጉእ ናይ ጸወታ ጉዕዞ የሕልፍ ከምዘየለ ይፍለጥ።

ፈረንሳ፡ ኣብዚ ናይ ኔሽንስ ሊግ ግጥማት፡ 14 ሕዳር ንእስራኤል ድሕሪ ምግጣም፡ 17 ሕዳር ምስ ኢጣልያ ንምግጣም፡ ናብታ ሃገር ከተቕንዕ እያ።

* ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሕዳር ከቢድ መጉዳእቲ ምስ ኣጋጠሞ ንዓመት ካብ ጸወታ ርሒቑ ዘሎ ተኸላኻሊ ሬያል ማድሪድ ዳቪድ ኣላባ፡ ጸቡቕ ምዕባለ የርኢ ብምህላዉን ትማሊ ከዕሶ ዝተሓወሶ ልምምድ ብምግባሩን፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ጸወታ ክምለስ ከምዝኽእል ተገሊጹ። እዚ ኣስትሪያዊ፡ ኣብ ክረምቲ 2021 ካብ ባየር ሙኒክ ናብዛ እስጳኛዊት ክለብ ድሕሪ ምጽንባሩ፡ ክሳብ'ቲ ከቢድ መጉዳእቲ ዘጋጥሞ ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትታ ምንባሩ ይዝከር።

* ሰሉስ ምሸት ንናይ ቀደም ክለቡ ሬያል ማድሪድ ሹቶ ዘመዝገበ ኣጥቃዓይ ኤሲ ሚላን ኣልቫሮ ማራታ፡ ትማሊ ኣብ ልምምድ ምስ ፓቭሎቪች ብምግጫው፡ ናይ ርእሲ ማህሰይቲ ኣጋጢምዎ። ሰሪዚ ናብ ሆስፒታል ከምርሕ ዝቐሰበ ማህሰይቲ ከኣ፡ ጋንታኡ ጽባሕ ቀዳም ናብ ካግሊያሪ ተጓዒዛ ንእተካይዶ ጸወታ ክኸስር እዩ።

## ሶነስ፡ ንኢንዞን ፖሊሲ ቸልሲን ነቒፋ

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ሊቨርፑል ናይ ሕጂ ተንታኒ ግሬም ሶነስ፡ ብዓቢ መጠን ገንዘብ ንዘተገዝኡ ኣከፋፋሊ ቸልሲ ኢንዞ ፈርናንደዝን ንፖሊሲ ምስግጋር ተጻወትቲ እዛ ጋንታን ነቒፉ።

ቸልሲ፡ ብቶድ ቦህሊ ኣብ ግንቦት 2022 ድሕሪ ምውናና፡ ልዑል መጠን ገንዘብ እናውጽኣት ተጻወትቲ ትሸምት ምህላዋ ይፍለጥ። ኣብ ጥሪ 2023 - ብ107 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቤንፊካ ዝገዝኣቶ ፈርናንደዝ ከኣ እቲ ዝለዓለ ወጻኢ ዝሓተተ እዩ፣ ዝኸበረ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ'ውን እዩ።

ይኹን እምበር፡ እዚ ኣርጀንቲናዊ ኣከፋፋሊ፡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ቀጻልነት ዘለዎ ብቕዓት ከነጸብርቕ ከምዘይከኣለ ይግምገም፣ ብፍላይ ምስቲ ዝተኸፍሎሉ መጠን ገንዘብ ብምንጽጻር። እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ወቕቲ ብሓዲሽ ኣሰልጣኒ ኢንዞ ማሬስካ እናተዓለመት ዝሓሸን ትሰፋውን ቁመና ሂጸትሉ ኣብ ዘላ እዋን ከኣ፡ ትእዛዝ ኣሰልጣኒ ብዘይምትግባሩ፡ ቀጻሊ ክሰለፍ ኣይደርኣን ኣሎ። ዝተኸፍሎሉ ልዑል መጠን ገንዘብ ዋሕስ ከምዘይኮነን ኣብ ቀዳመይቲ ጋንታ ከምዘየእትዎን እውን በዚ ዓሚ ተኣኪሩዎ እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣገዳሲ ተጻዋታይ ክኸውን ኣይከኣለን ዘሎ።

ሶነስ፡ ብዛዕባዛ ጋንታ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ “ኣብዚ እዋን ንቸልሲ ክትፈርዳ ግዜኡ ኣይኮነን። ብዘለዉዋ ተጻወትቲ ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ክትውድእ ዕድል ኣለዋ። እንተኾነ ንጸዋእ ፕሪመር ሊግ ወይ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምዕታር ግና ብዙሕ መገዲ ኣለዋ።” ኢሉ።

ንሱ፡ “ከምዝመስለኒ ልዑል መጠን ገንዘብ ዝወጽኦም ግን ከኣ ክሳራ (ብኽነት) ዝኾኑ ተጻወትቲ ኣለዉዋ። መብዛሕትኦም እቲ ሰብ ዝሓስቦ ልዑል ደረጃ ብፍጹም ኣይበጽሕዎን። ንኣይ ከኣ እቲ ዝያዳ ብኽነት ኣብዚ እዋን ምስዛ ጋንታ ዘሎ ኢንዞ ፈርናንደዝ እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብቲ ክበጽሖ ዝተሰፈዉ ደረጃ ዘይበጽሐ ተጻዋታይ እያ ዝርኣዮ።” ክብል ነቲ ተጻዋታይን ኣካይዳን ነቒፉ።





## ሄንሪ፡ “ኣርሰናል፡ ንዋንጫ ትወዳደር የላን” ኢሉ










ቴሪ ሄንሪ፡ ናይ ቀደም ክለቡ ኣርሰናል፡ ኣብዚ እዋን ንዋንጫ ፕሪመር ሊግ ትወዳደር ክለብ ከምዘይኮነት ገሊጹ - ድሕሪ ናይ ኢንተር ሚላን ስዕረት።

ኣርሰናል፡ ረቡዕ ምሸት ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ናብ ኢጣልያ ተጓዒዛ ብኢንተር ሚላን 1-ብ0 ብምስዓራ፡ ኣብዚ ውድድር ዝጸንሓ ናይ ዘይተሳዓረት ጉዕዞ ኣብ ራብዓይ ጸወታ ኣኽቲሙ እዩ። ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ናይ ሊግ ጸወታ ናብ ኒውካስል ተጓዒዛ 1-ብ0 ዝተሳዕረት እዛ ጋንታ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽድሽተ ናይ ዝተፈላለዩ ውድድር ግጥማት፡ ሰለስተ ግዜ ብምስዓራ (ክልተ ኣብ ፕሪመር ሊግ እዩ) ህሉው ቁመናኣ ሕማቕ ምህላዉ ይግለጽ። ብፍላይ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ኣብ እተካይዶ ጸወታ።

ሄንሪ፡ ብዛዕባዛ ናይ ቀደም ክለቡ ክዛረብ እንከሎ፡ “ከም እንርእዮ ዘለና፡ ኣብዚ እዋን ንዋንጫ ፕሪመር ሊግ እትቃለስ ክለብ ኣይኮነትን ዘላ። ምስ ላዕለዋይ ደረጃ ዘሎ ርሕቀት ወጽኢት የብላን።” ድሕሪ ምባል፡ “ካብ ሜዳኦም ወጻኢ ንፋዓት እዮም ኢለ ኣይሓስበን፤ እዚ ካብ ካልኣይ ሰሙን መደብ ጸወታ ጀሚረና ተዛሪብናሉ ኢና። ነዊሕ ግዜ ካብኡ ርሒቕም ኣለው። ብዘኾነ ጽባሕ ሰንበት ምስ ቸልሲ ኣብ ዘካይድዎ ጸወታ ከኣ ንተዓዘቦም።” ክብል፡ ካብ መራሕቲ ዘለዋ ማን ሲቲን ሊቨርፑልን ዘድሓራ ምኽንያት ገሊጹ።

19 ጥቅምቲ ናብ ቦርንማውዝ ተጓዒዛ 2-ብ0 እተሰዓረት ኣርሰናል፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን ንዘኾነት ማን ሲቲ ቀንዲ መወዳደርታ ምንባራ ይዝከር። ዝሓለፈ ዓመት-ስፖርት ኣንጻር ሓሙሽተ ዓበይቲ ክለባት እቲ ሊግ ሊቨርፑል፡ ማን ሲቲ፡ ማን ዩናይትድ፡ ቸልሲን ቶተንሃምን ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ'ውን እንኮ ዘይተሳዕረት ክለብ ነይራ።

ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ ግና፡ ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሳምንቲ ናብ ላዕለዎት ኣርባዕተ ክለባት ዘሰርዓ ወጽኢት ከተመዝግብ ተኣጊማ ትርከብ። ማእከርቲ ወሰንቲ ተጻወትታ ከኣ፡ ገለ ካብቲ ብድሆታታ ምዃኑ ይግለጽ። በዚ ኮይኑ በቲ ግና፡ ሰንበት ካብ ከተማኣ ለንደን ከይወጸት ናብ ቸልሲ ተጓዒዛ እተካይዶ ጸወታ፡ ሒዙቶ ዘላ ህሉው ቁመና መለሱ ከዐሮ ትጽቢት ይግበር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ርእሱ መጉዳእቲ ወሪድዎ ተቐይሩ ዝወጸ ኣጥቃዓይ እዛ ክለብ ካይ ሃቨርትስ፡ ገለ ጋሻ ከምዝተሰፍየን ንናይ ሰንበት ጸወታ ከርክብ ተስፋ ከምዝገበሩሉን ዓሰሚኡ ሚከል ኣርቴታ ገሊጹ። ብዘይካዚ፡ ኣርቴታ፡ ምስ ሓላዊ ልዳት ኢንተር ሚላን ያን ሶመር ብምግጫዉ ኣብ ርእሱ ዘይምቱእነት ዝተሰምዖን ተቐይሩ ዝወጸን ሚከል መሪኖ፡ “መጉዳእቲ ሓንጎል ኣየጋጠሞን።” ክብል ንቕድመ ጥንቃቐ ኢሉ ከምዘውጽኦ ገሊጹ። ኣብዚ ጸወታ፡ ሓለቓኦም ማርቲን ኦደጋርድ፡ ድሕሪ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ናይ ተሃድሶ ግዜ ኣብቲ ጸወታ ንሃቨርትስ ቀይሩ ምእታዉ ይዝከር። ምምላስ እዚ ኖርወጃዊ ብሉጽ ኣከፋፋሊ ከኣ፡ ድርዒ ክኾና እዩ - ብቐልጠፍ ናብ ብቕዓቱ እንተተመሊሱ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## "ምምሕዳር ባይደን፡ ናይ መወዳእታ ወተሃደራዊ ደገፍ ንዩክሬን ክቐርብ መደብ ኣለዎ" ምንጪታት

በትጽሕፈት ዋይት ሃውስ፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ጥሪ ናብ ስልጣን ቅድሚ ምምጽኡ፡ ንዩክሬን ክሳብ 9 ቢልዮን ዶላር ዝጸሕ ናይ መወዳእታ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክቐርብ መደብ ከምዘለዎ፡ ምንጭታት ምምሕዳር ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ሓቢሮም።

እቲ ውጥን፡ ኣመሪካ ንዩክሬን እትህቦ ወተሃደራዊ ደገፋት ክቋረጽ ዝጸንሐ ትራምፕ፡ ነቲ ብኸፊልቲ ግዝኣት ኣመሪካ ዝምወል ወተሃደራዊ ሓገዝ ደው ከብሎ ወይ'ውን ከጉድሎ ይኽእል እዩ ካብ ዝብል ስግኣታት ዝብገስ ምኽኑ፡ እቶም ምንጪታት ንሮይተርስን 'ፖሊቲኮ' ዝተባህለት ጋዜጣ ኣመሪካን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ኣረዲኦም።

ሓደ ስሙ ክግለጽ ዘይደለየ ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እቲ ምምሕዳር፡ ንዩክሬን ኣብ ዝሓየለ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ንቕድሚት ክደፍእ መደብ ኣለዎ" ኢሉ።

ካብ ለካቲት 2022 ጀሚሩ ኮንግረስ ኣመሪካ፡ ዩክሬን ምስ ሩስያ ኣብ ዘካይዶ ግጭት ንምድጋፍ ልዕሊ 174 ቢልዮን ዶላር ክምዝተሓበ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።


ይኹን'ምበር፡ ትራምፕ፡ ዩክሬን ብወተሃደራዊ መዳይ ኣንጻር ሩስያ ክትዕወት ከምዘይትኽእል ብምግላጽ፡ ንመራሒ ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ናብ ኣመሪካ ኣብ ዝጸሓሉ እዋን ቢልዮናት ዝሓፍስ ግና ናብ ዓወት ዘይቀርብ "ኣብ ታሪኽ ዝዓበየ ሸቃጢ" ክብል ነቒፍዎ ኣሎ።

ትራምፕ፡ ኣብ ዘካየዶ ዝበረ ናይ ምረጻ ጎስጓሳት፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ዳግማይ እንተተዓዊቱ፡ ግጭት ዩክሬን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ከብቅዕ ምኻኑ ገሊጹ ምንባሩ ኣይርሳዕን።



## ኣውስትራልያ - ንትሕቲ ዕድመ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝእግድ እማመ ወጺኡ

መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ትሕቲ 16 ዝዕድሚኦም መንእሰያት ዝተወሰኑ ማሕበራዊ መራኸቢታት ካብ ምጥቃም ዝእግድ ሕጊ ከውጽእ ምኳኑ፡ ቀዳማይ ሚኒስተርታ ሃገር ኣንቶኒ ኣልባኒዚ ዝሓለፈ ሓሙስ ገሊጹ።



ኣውስትራልያ፡ ከተታኣታትዎ ምኳና ዝገለጸ ዘሎ መንእሰያት ማሕበራዊ መራኸቢታት ንኸይጥቀሙ ዝኽልክል ስርዓት ምቁጽጻር፡ ክሳብ ሕጂ ብዝኾነት ሃገር ካብ ዝተኣበረ ተሪር ቁጽጽር እቲ ዝሓየለ ክኸውን ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣልባኒዚ፡ እቲ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝእግድ እማመ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ናብ ባይቶ ሃገሩ ከምዝቐርብ፡ ዕላማኡ ድማ ከም ቲክ ቶክ፡ ፈይስቡክን ኢንስታግራምን ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ኣውስትራላውያን መንእሰያት ዘውርድዎ ዘሎ ሃሰያ ንምቕላል ምኳኑን ኣረዲኡ።

እቲ እማመ፡ ትሕቲ ዕድመ ክነሶም ግና ኣቐዲሞም ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝጸንሑ መንእሰያት ከምዘይምልከት፡ መንግስቲ'ታ ሃገር ኣጺሩ ኣሎ።

መብዝሕትኦም ክኢላታት፡ መድረኻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ንኣእምሮኣዊ ጥዕና መንእሰያት ክጐድኡ ከምዝኽእሉ ክሰማምዑ እንከለዉ፡ ገለ ክኢላታት ድማ፡ መንእሰያት ካብ ኢንተርነት ዝተፈላለየ ነገራት ከምዝመሃሩ ብምግላጽ፡ እቲ እገዳ ነቶም መንእሰያት ካብ ቲክቶክ፡ ኢንስታግራምን ፈይስቡክን ካብ ምቕላዕ ጥራይ ከምዝድናገዮም ይምጉቱ።

## ልፍንታዊ መንግስቲ ጀርመን ፈሪሱ

ቻንስለር ጀርመን ኦላፍ ሾልዝ ንሚኒስተር ፋይናንስ ሃገሩ ካብ ስልጣን ድሕሪ ምብራሩ፡ ብሰለስተ ሰልፍታት ዝቖመ ልፍንታዊ መንግስቲ'ታ ሃገር ከምዝፈረሰ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ኣብ'ታ ዝዓበየ ቁጠባ ኤውሮጳ እትውንን ሃገር ፖለቲካዊ ቅልውላው ተኸሲቱ ከምዝርከብ ተገሊጹ።

ዝሓለፈ ረቡዕ መራሒ ሰልፊ ናጻ ደሞክራሲ (ኤፍ.ዲ.ፒ) ሚኒስተር ፋይናንስ ጀርመን ክርስቲያን ሊንድነር ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምብራሩ፡ ሾልዝ ምስ ሶሻል ዴሞክራትስን ግሪንስን ዝተባባኣ ክልተ ሰልፊታት ኮይኑ ክመርሕ ትጽቢት ይግበር።



ሰልፊ 'ኤፍ.ዲ.ፒ'፡ ኣባላቱ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ሚኒስተራት ካብ መንግስቲ ሾልዝ ይስሕቡ ብምህላዉ እዩ፡ እቲ ሰለስተኣዊ ጥምረት ብወግዒ ኣብቂዑ ዘሎ።

ሾልዝ፡ እቲ ሚኒስተር ንሰልፊ ቅድሚ ሃገር ብምስራዑ፡ ኣብ ምስላዕ ባጀት ጀርመን ብዘጋጠመ ዕንቅፋት ከምዝበረሮ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣረዲኡ።

ሾልዝ ወሲኹ፡ "ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከምኡ ዝኣመሰለ ኽኣል፡ ንሃገርና ኣድላዪ ውሳኔታት ናይ ምውሳን ሓይሊ ዘለዎ መንግስቲ የድልየና ኣሎ" ኢሉ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ሚኒስተር ድሕሪ ሾልዝ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሾልዝ ነቲ ብሕጉመንግስቲ ዝተቐመጠ ገደብ ወጻኢታት ክጥሕስ ከምዝደፋፍኦ፡ በዚ ድማ ዘይምርድዳእ ከምዝተፈጥረን ኣብሪሁ።

ቅልውላው መንግስቲ ጀርመን፡ ድሕሪ ሓደት ሰዓታት ምምራጽ ኣብ ምርጫ ኣመሪካ ንሰልፊ ሪፓብሊካን ወኪሉ ዝተወዳደረ ዶናልድ ትራምፕ፡ ከምኡ'ውን ጀርመን ቀጠባኣ ኣብ ዘንቀልቀለሉ ዘሎ ወቕቲ እዋን ተኸሲቱ ብምህላዉ፡ እቲ ኩነታት ኣሰጋኢ ከምዝኾነ'ውን እዮም ምስ'ቲ ጉዳይ ቀረባት ዝኾኑ ወገናት ዝሕብሩ።

## ብዕንጸይቲ ዝተሰርሐት ሳተላይት ናብ ጠፈር ተላኢኻ

ኣብ ዓለምና ናይ መጀመርታ ብዕንጸይቲ ዝተሰርሐት ሳተላይት ናብ ጠፈር ከምእተላእከት ተሓቢሩ።

እዛ ብጃፓናውያን ተመራመርቲ 'ክዮቶ' ዩኒቨርሲቲ ዝተሃንጸት ሳተላይት፡ ኣብ ፍሎሪዳ ካብ ዝርከብ ማእከል ጠፈራዊ ምርምር 'ናሳ' ብ ስፔስ ኤክስ ብዝምዝበለት ሮኬት ተሓጊዛ እያ ናብ ጠፈር ተላኢኻ ዘላ።


ዕላማ እቲ ተልእኾ፡ ዕንጸይቲ ኣብ ወርሕን ማርስን ኣብያት ንምህናጽ ክውዕል ዝኽእል ተሓዳሲ ጥረ ነገር ምኻኑ ንምርግጋጽ ከምዝኾነ፡ እቶም ጃፓናውያን ተመራመርቲ ኣረዲኦም።

እታ 900 ግራም ጥራይ እትምዝን ሳተላይት 'ሊግኖሳት' ዝተሰምየት ኮይና፡ ተዋሂብዋ ዘሎ ስም ካብ ላቲን ዝበገሰ ምኻኑን፡ ዕንጸይቲ ዝብል ትርጉም ድማ ከምዘለዎን እቶም ተመራመርቲ ኣብሪሆም።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክዮቶ ፕሮፌሰር ሳይንስ ኣግራብ ኮጂ ሙራታ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ዕንጸይቲ ኣብ ኣብ ምድሪ ንላዕሊ ኣብ ጠፈር እዩ ዝያዳ ዝጸንሕ፡ ምኽንያቱ ከበስብሶ ወይ'ውን ክቃጸሎ ዝኽእል ማይ ይኹን ኦክስጅን ስለዘየለ" ኢሉ።

ኣብ ዞርያ ምድሪ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ንኽትጽንሕ ተላኢኻ ዘላ ሊግኖሳት፡ ኣብ ተልእኾኣ ዕንጸይቲ ነቲ ካብ ኣሉታ 100 ክሳብ 100 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ዝፈላለ ጽንኩር ሃዋህው ጠፈር ብኸመይ ከምዝጻወሮ ክትዕቅን እያ።

ሰራሕቲ ሊግኖሳት፡ ብዕንጸይቲ ዝተሰርሓ ሳተላይታት ናብ ምድሪ ኣብ ዝምለሳሉ እዋን ምስ ዝቃጸላ፡ ካብ ብሓጺን ዝተሰርሓ ሳተላይት ኣዝዩ ዝውሒደ ብከላ ስለዘለወን፡ ኣብ ከባቢ ዘስዕቦ ጽልዋ ክጉድላ ከምዝኽእላ እያ፡ እቶም ተመራመርቲ ዝዘርቡ።



## 2024፡ ብልዑል መጠን ዋዒ ኣብ መዝገብ ክትሰፍር ከምእትኽእል ተሓቢሩ

2024፡ እታ ልዑል መጠን ዋዒ ዝተራእየላ ዓመት ተባሂላ ኣብ መዝገብ ክትሰፍር ከምእትኽእል፡ ተመራመርቲ ሰኡ ፍልጠት ሕብረት ኤውሮጳ ሓቢሮም።

ካብ ጥሪ ክሳብ ጥቅምቲ ማእከላይ ሙቐት ዓለም ኣዝዩ ልዑል ምንባሩ ዝጸረ እቲ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዘን ተሪፈን ዘለዋ ሰሙናት መጠን ዋዒ ዓመተ 2024 እንተዘይወሪዱ፡ ልዑል ዋዒ ዝተራእየላ ዓመት ተባሂላ ክትምዝገብ ምኻና ኣመልኪቱ።

እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም፡ 2024፡ ፕላኔት ምድሪ ካብ'ቲ ቅድሚ ኢንዱስትሪያዊ ዘመን ዝነበረ ዋዒ ልዕሊ 1.5 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ዝጸሓሉ ናይ መጀመርታ ዓመት ክትኸውን ምኻና'ውን ገሊጾም።

ብምንዳድ ከሰል፡ ነዳድን ጋዝን ዝፍጠር ልቀት ካርበን ዳይኦክሳይድ ቀንዲ ጠንቂ ምውሳኽ ሙቐት ዓለም ምኻኑ እዩ ዝሕበር።

ኣብ ዝመጽእ ሰሙን፡ መበል 29 ዋዕላ ክሊማ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኣዘርባጃን ክካየድ ምኻኑ ይፍለጥ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ-ኣውለዕ | 08/11/2024 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታልብርሃን ኣኣይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services